# ስርዓታት ኢትዮጵያ ኣብ ኤርትራ
# ብምኽንያት ዝኽሪ 50 ዓመት - ህልቂት ኣስመራ
# (2ይ ክፋል)
# ግፍዒታት ገዛእቲ ኢትዮጵያ ኣብ እዋን ብረታዊ ቃልሲ

ሓዳስ ኤርትራ

ኣብ መፋርቕ 20 ክፍለ-ዘመን፡ ሃገራት ኣፍሪቃ ካብ መግዛእቲ ኣብ ዝላቐቓሉ ዝነበራ መድረኽ፡ ንጂኦ-ፖለቲካዊ ረብሓታት ኣመሪካን መሓዙታን ተባሂሉ፡ እታ ግዝኣት ጣልያን ዝነበረት ከም ውጽኢቱ ዝሓሸ ቁጠባዊን ባህላዊን ዕብየት ዝነበራ ኤርትራ፡ ብስም ፌደረሽን ምስታ ብብዙሕ መዳያት ካብኣ ዝደሓረት ብንጉሳዊ ስርዓት እትመሓደር መስፍናዊት ኢትዮጵያ ክትቍረን'ዩ ተፈሪዱዋ።

ፌደረሽን፡ ጠለብ ህዝቢ ኤርትራ ኣይነበረን። ድሌት ዝበዝሕ ህዝቢ ኤርትራ ናጽነት እዩ ዝነበረ። “ኤርትራ እጀታይ'ያ” ክብል ናብ ሕቡራት ሃገራት ጠለብ ዘቕረበ ሃጸይ ሃይለስላሰ ናይ ኢትዮጵያ እውን፡ ድሌቱ ቀጥታዊ ምጽንባር ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ ድኣ እምበር ፌደረሽን ኣይነበረን። ህዝቢ ኤርትራ ውሳነ ፌደረሽ ድሌቱ እኳ እንተዘይነበረ፡ ህዝቢን ናይ ፖለቲካ ሓይልታቱን፡ ነቲ ውሳነ ብምኽባር፡ ዝተዋህቦም መሰል ርእሰ ምምሕዳር መሰረት ብምግባር፡ ሃገራዊ ቅዋምን ባይቶን ኣቝሞም፡ መንግስቲ ኤርትራ መስሪቶም፡ ንምዕዋት ዕላማታትን ውሳነን ፌደረሽን ኪሰርሑ እዮም ተበጊሶም። ብኣንጻሩ ድማ ገዛእቲ ኢትዮጵያ ቀሰ ብቐስ ውሳነ ፌደረሽን እናጠሓሱን ውሽጣዊ ናጽነት መንግስቲ ኤርትራ እናገሃሱን፡ መሰል ርእሰ ምምሕዳር ህዝቢ ኤርትራ ትርጉም ኣልቦ ብምግባር፡ ኣብ መወዳእታ ፌደረሽን ኣፍሪሶም ንኤርትራ ኣካል ግዝኣቶም ክገብርዋ ካብ ፈለማ ኣንቂዶም።

ነዚ ዕላማ'ዚ ንምትግባር ኢትዮጵያ ካብ ቅድሚ ውሳነ ፌደረሽን ማለት ካብቲ “ኤርትራ እጀታይ እያ” ዝብል ጠለብ ዘቕረበትሉ መፋርቕ 1940ታት ጀሚራ፡ ድሌት ህዝቢ ኤርትራ ንናጽነት ብዝተፈላለየ ፖለቲካዊ ሽርሒታት፡ ብሓይልን ምስግዳድን ክትደቝሶ ተንቀሳቒሳ። ብገንዘብን ሽመትን ተሰማዕነት ኣለዎም ዝበሃሉ ኤርትራውያን ሹመኛታት፡ መራሕቲ ሃይማኖትን ጸለውቲ ሰባትን እናስድዐት፡ ኣብ መንጎ ህዝቢ ሃይማኖታዊን ወገናዊን ግርጭታት እናሳወረት፡ ንገለ ክፋል ሕብረተሰብ ኤርትራ ብምኽሳብ ነቲ ካልእ ተጻይ ገይራ እናቕረበት፡ ጥምረቱ ምዝራግ፡ ኣብ መጻኢ ዕድል ሃገሩ ስሙር ርእይቶን መርገጺን ከምዘይህልዎ ምግባር

ድማ፡ ገለ ካብቲ እት'ኽተሎ ዝነበረት ሜላታት እዩ። እዚ ከይኣክል፡ ኣብ ውሽጢ ህዝቢ ራዕዲን ሽበራን ዝፈጥሩ ደቂ ሃገርን ተጋሩን ሸፋቱ፡ ብረት ኣዕጢቓ እናዋፈረት፡ ንደገፍቲ ናጽነት ምህዳድን ምቕንጻልን፡ ንብረቶም ምዝማትን ምግፋዕን ስርሐይ ኢላ ተሓሓዘቶ።

ኣብቲ እዋን'ቲ ኣብ ኤርትራ ዝነበረ ምምሕዳር ብሪጣንያ፡ ንናቱ ሕሳባት ክብል ንተግባራት ኢትዮጵያ ርእዩ ከምዘይርኣየ ይሓልፎ ነበረ። እዚ ኩነታት'ዚ ድማ፡ ኢትዮጵያ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳይ ህዝቢ ኤርትራ ሰፊሕ ምትእትታው ክትገብር፡ መጋበርያ ዝኾኑዋ ደቂ-ሃገር ከተስድዕ፡ ከም ድላያ እትዕንድረሉ ባይታ ፈጠረላ። በዚ ከኣ፡ ኣብ እዋን ምምሕዳር ብሪጣንያ ብዙሓት ንጹሃት ሃገራውያን ኤርትራውያን ብሸፋቱ ማሕበር ኣንድነት ተቐቲሎምን ተበሳስቢሶምን እዮም። ቅትለት ሸኽ ዓብደልቃድር ከቢረ፡ ኣዝማች በርሀ (ዳምባ ምጭ)፡ ሸውዓተ ፈተነታት ቅትለት ኣብ ልዕሊ ኣቶ ወልደኣብ ወልደማርያም ሒደት ኣብነታት ካብቲ ኣብ ልዕሊ ብዙሓት ሃገራውያን ዝፍጸም ዝነበረ ቅንጸላን ግፍዒን መንግስቲ ኢትዮጵያ እዩ።

ኣብ ግዜ ፈደረሽን፡ ብፍላይ ድሕሪ 1958፡ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ፡ ፖለቲካዊ ምንቅስቓስ ምክያድሲ ይትረፍ፡ ካብ ኣርባዕተ ሓሙሽተ ንላዕሊ ሰባት ምእካብ እኳ ብሕጊ ተኣጊዱ ነይሩ እዩ። ከተማታት ኤርትራ ህዝቢ "ናይ እዝኒ ወይ ሲ.ኣይ.ዲ" ኢሉ ብዝጽውዖም ሃሱሳት ኢትዮጵያ ተዘሪኣን፡ ናብ ቀንዲ መሳርሒ ስርዓት ሃይለስላሰ ተቐይሩ ዝነበረ ፖሊስ ኤርትራ፡ ኣብ ልዕሊ መንእሰያት ጭካነ ዝመልኦ ተግባራት ዝፍጽመሉ ዝነበረ እዋን ስለዝነበረ ከኣ፡ ዝኾነ ቅሉዕ ፖለቲካዊ ንጥፈታት ምክያድ፡ ኣዝዩ ኣጸጋሚ ነበረ።

ይኹን'ምበር ሽበራዊ ተግባራት ስርዓት ኢትዮጵያ ንህዝቢ ኤርትራ ኣየንበርከኾን። ብኣንጻሩ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣንጻር ገዛእቲ ኢትዮጵያ ክቃለስን ንናጽነት ዝነበሮ ባህጊ ዝያዳ ክዓርግን ኣኽኢልዎ እዩ። ብሰላማዊ ሰልፊታትን ኣድማታትን ድማ፡ ነቲ ኢትዮጵያ መንነት ህዝቢ ኤርትራ ንምጥፋእ እትፍጽሞ ዝነበረት ተግባራት ክቃወሞ ጀመረ። እቲ ዝዓበየ ካብዚ ሰላማዊ ሰልፊታት'ዚ፡ እቲ ብማሕበር ሰራሕተኛታት ኤርትራ ዝተወደበ ብ10 መጋቢት 1958 ኣብ ኣስመራን ካልኦት ከተማታትን ሰራሕተኛታትን ተማሃሮን ዝተሳተፍዎ፡ ኣብያተ ትምህርቲን ኣብያተ ሸቐጥን ተዓጽዩ ዝወዓለሉ፡ ዓሰርተታት ዜጋታት ብጥይት ዝተወቕዕሉ

ሰፊሕ ሰላማዊ ሰልፊ ነበረ። ድሕሪ'ዚ ኣድማ'ዚ፡ ማሕበር ሰራሕተኛታት ኤርትራ ብወግዒ ክእገድ እንከሎ፡ መራሕቲ ናይቲ ምንቅስቓስ ዝነበሩ ንኣዋርሕ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ተዳጒኖም። በዚ ድማ እቲ ብሰላማዊን ሕጋዊን ኣገባብ ዝተበገሰ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ካልእ መልክዕ ክሕዝ ግድን ኮነ።

መጽቀጥቲን መግረፍቲን ኢትዮጵያን ስልጣን ዝሓዙ መሻርኽታ ደቂ ሃገርን መሪርዎን ጸቢብዎን ዝነበረ ህዝቢ ኤርትራ ብሓፈሻ፡ ኣብ ከተማታት ዝነብር ምሁር ክፋል ሕብረተሰብ ድማ ብፍላይ፡ ኣብተን ቀዳሞት ዓመታት ተሞኩሮ ፈደራላዊ ሕብረት፡ ብኢትዮጵያ ዝፍጸም ዝነበረ ተግባራት ኩሉ፡ ናይ መወዳእታ ዕላማኡ ኤርትራዊ መንነትን ሃገራውነትን ምሕካኽ ምዃኑ ብምስትውዓል፡ ብዛዕባ'ቲ ዝፍጸም ዝነበረ ግህሰታትን ግፍዒታትን ንሓድሕዱ ሓበሬታ እናተለዋወጠ፡ ካብቲ ናይ ግዜ 40ታት ብዝሓሸ ክቀራረብን ናብ ሓደ ስሙር ርእይቶ ክምርሕን ጀመረ። ኣብቲ እዋን'ቲ ዛዕባ ዕለታዊ ዕላል ዜጋታት፡ ኢትዮጵያ እትወስዶ ዝነበረት ንውዕል ፈደረሽን ዝጥሕስ ዘይሕጋዊ ስጉምቲታት ነበረ።

ዓመተ 1960፡ እቲ ኣብ ሱዳን ብ1958 እተመስረተ፡ ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ (ሓራካ ወይ ማሕበር ሸውዓተ) ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ውዳበታቱ ከስፍሕ ዝጀመረሉ እዋን ነበረ። ኣብቲ ም.ሓ.ኤ. ክበጽሖ ዝኸኣለ ከተማታት ዝቕመጥ፡ ብተግባራት ኢትዮጵያ ዝተማረረ ብዙሕ መንእሰይ ከኣ፡ ኣብ ምስጢራዊ ስርዒት ም.ሓ.ኤ. ኪውደብ ጀመረ። ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ ዝያዳ ኣብ ምውዳብ ዜጋታት ኣድሂቡ እናሰርሐ እንከሎ ድማ፡ ብኤርትራውያን ተማሃሮ ካይሮ ዝተበገሰ ካልእ ምንቅስቓስ፡ ንተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ መስረተ። ተ.ሓ.ኤ. ከኣ ብ1 መስከረም 1961 ዕጥቃዊ ቃልሲ ኣበገሰ። ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ፡ ነቲ ኣብ ኤርትራውያን ዝተፈጥረ ሓያል ባህጊ ናጽነትን ኣንጻር ዓመጻት ኢትዮጵያ ናይ ምቕላስ ወኒን ናብ ሓድሽ ምዕራፍ ዘሰጋገረ ዓቢ ታሪኻዊ ፍጻመ ነበረ።

**ቀዳሞት ዓመታት ብረታዊ ቃልሲ (1961-1966)**

ሓደ ድሕሪ ሓደ ንኹሉ ውዕላት ፈደረሽን ግሂሳ፡ ምጽንባር ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ ክትእውጅ እትዳሎ ዝነበረት ኢትዮጵያ፡ ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ኣቓሊላ ኣይረኣየቶን። ሰበስልጣን ኢትዮጵያ፡ ኣብቲ ፈደራላዊ ሕብረት ንምፍራስ ዘካየዱዎ ዝነበሩ ጻዕርታት፡ ብቕኑዓት ሃገራውያን ተቓውሞ ይገጥሞም ስለዝነበረ፡

ብፍላይ ተማሃሮን መንእሰያትን ከኣ ብሰላማዊ ሰልፊታት ተቓውሞኦም ስለዘግሃዱ፡ ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ከስዕቦ ዝኽእል ሓደጋ ኣይጠፍኦምን። በዚ ድማ፡ ነቶም ዕጥቃዊ ቃልሲ ዘለዓዓሉ ሒደት ተቓለስቲ ብኣጋ ንምድምሳስ ብቕልጡፍ ተንቀሳቐሱ።

ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ምስተፈልጠ፡ እቲ ንስሙ መንግስቲ ኤርትራ ዝብሃል ዝነበረ (ብግብሪ ግን መጋበርያ ሃጸይ ሃይለስላሰ)፡ ነቲ ምልዕዓል ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ክድምሰስ፡ ንፖሊስን ፊልድፎርስ ዝተባህለ ዕጡቕ ሓይሊን ኣንቀሳቐሰ። ነቲ ኣብ ባርካን ጋሽን ዝነበረ ሓይሊ ፖሊስ ከኣ፡ ካብ ኣስመራ ተወሰኺ ሓይሊ ደሪቡ ኣደልደሎ። ብመሰረት ዝተዋህቦም ትእዛዝ፡ እዞም ኣሃዱታት እዚኣቶም፡ ነቶም ካብ "ሕጊ ዝወጹ" ዝተባህሉ ተጋደልቲ ንምርካብ ለይትን መዓልትን ኣብ በረኻታት ኲለላ ምግባር ጀመሩ። ከም ውጽኢቱ፡ ሓይሊ ፖሊስን ፊልድፎርስን ምስቶም ውሑዳት ዕጥቃዊ ቃልሲ ዘበገሱ ተጋደልቲ፡ ኣብ ሓጺር ግዜ ተደጋጋሚ ረጽሚታት ኣካየዱ። ኣብ ርእሲ'ዚ ጽዑቕ ወተሃደራዊ ምንቅስቓስ፡ ሰበስልጣን ኢትዮጵያ ምስሊ ተጋደልቲ ናይ ምድዋን ፕሮፖጋንዳ ፍሉይ ተገዳስነት ሂቦም ክሰርሕሉ ጀመሩ። ኣብ ጋዜጣታት፡ ነቶም ዕጥቃዊ ቃልሲ ዝጀመሩ ተቓለስቲ ሓርነት፡ "ካብ ሕጊ ዝወጹ፡ ኣሸበርቲ፡ ሽፋቱ" እናበሉ ጠቀንዎም። ንምንቅስቓስ ተጋደልቲ ኣመልኪታ ጋዜጣ "ዘመን" ብ26 መስከረም 1961 ዝዘርግሓቶ ቀዳማይ ዜና ከምዚ ይብል፦

> "ቍጽሮም 22 ዝኾኑ ብረት ዝዓጠቑን ዘይዓጠቑን ሽፋቱ፡ ኣብ መንጎ ኣቑርደትን ኬሩን ኣብ ዝርከብ ከባቢታት ካብ ሕጊ ወጺኦም ይንቀሳቐሱ ከምዘለው፡ ካብ ምምሕዳር ፖሊስ ኤርትራ ኣብ ኣሰመራ ዝረኸብናዮ ሓበሬታ ኣፍሊጡ። እዚ ጉጅለ'ዚ ካብ ሕጊ ከምዝወጸ ምስ ተፈልጠ፡ ኣብ ዝቐልጠፈ ግዜ ኣብ ትሕቲ ቍጽጽር ንምውዓሉ፡ ዝኣክል ሓይሊ ፖሊስ ተዋፊሩ ይከታተሎን ይሃድኖን ኣሎ። . . . እቶም ሽፋቱ ዓጢቖሞ ዘለው ብረት ግዜኡ ዝሓለፎ ናይ ቅድም ሰለዝኾነ፡ ኣሲርካ ኣብ ፍርዲ ምቕራቦም ዘጸግም ከምዘይኮነ ፖሊስ ኤርትራ ኣፍሊጡ።"

ሰበስልጣን ኢትዮጵያ፡ ድሕሪ ምጅማር ብረታዊ ተጋድሎ፡ ኣብ ውሽጢ 25 መዓልታት ከምዚ ዓይነት ዜና ምፍናዎም፡ እቲ ምንቅስቓስ ዝፈጠረሎም ከቢድ ስግኣት'ዩ ዘመልክት። 'ኣበይ ከይበጽሕ' ኢሎም እንተዝንዕቅዎ ነይሮም፡

ዘይምዝራብ ምምረጹ። ዕላማ ናይቲ ዜና፡ ነቲ ምንቅስቓስ፡ ሽፍትነትን ዘይረብሕን ብቐሊሉ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ክኣቱ ዝኽእልን ገይሮም ብምቕራብ፡ ህዝቢ ናይቲ ከባቢ ምስቶም ንሃገራዊ ናጽነት ዝተላዕሉ ተጋደልቲ ከይተሓባበር ንምፍርርሑ፡ ኣብ ከተማታት ዝነበር ህዝቢ'ውን ብዛዕባ ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ወረ በጺሕዎ ክኸውን ከምዝኽእል ብምግማት፡ ሓደገኛ ጽልዋኡ ንምዕጋት፡ ኣቓዲምካ ነቲ ምንቅስቓስ ምክሽማሽ እዩ ነይሩ ዕላማ ናይቲ ዜና።



ቀዳሞት ኤርትራውያን ተቓለስቲ ንሓርነት

ኣብቲ ፈለማ መድረኽ ብረታዊ ቃልሲ፡ እቶም ብቑጽሪ ውሑዳት ዝነበሩ ተጋደልቲ ነቕጣታት ፖሊስን ዝተፈላለየ ዒላማታት ጸላኢን ከጥቅዑ ይፍትኑ ምንባሮም፡ ሓይሊ ፖሊስ ብወገኑ፡ ነዞም ጀመርቲ ሰውራ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ንምጽናቶም ብኹሉ ማእዝናት ዘካይዶ ዝነበረ ተኸታታሊ ሃድናትን ጽዑቕ ንጥፈታትን ዝገልጽ ሓበሬታታት ኣብታ መንግስታዊት ጋዜጣ "ዘመን" ሰፊሩ ይርከብ።

ኣብቲ መጀመርያ ኣዋርሕ ብረታዊ ቃልሲ ቁጽሪ ተጋደልቲ ሒደት'ዩ ነይሩ። ክሳብ ሚያዝያ 1962 ኣብ ዝነበረ ሸሞንተ ኣዋርሕ ድማ ፖሊስ ምስ ተጋደልቲ ሓሙሽተ ግጥማት ኣካየዱ። ነዚ ሓቂ'ዚ ኣዛዚ ፖሊስ ኣውራጃ ባርካ ዝነበረ ሜጀር ጎይትኦም ገብረዝጊ ብ9 ሚያዝያ 1962 ኣብ ሃይኮታ ንህዝቢ ኣብ ዝገበሮ ኣኼባ ዝተዛረቦ ቃላት የረጋግጾ።

“ኣብዚ ዚሓለፈ ሸሞንተ ኣዋርሕ ማለት ሓምድ (ሓምድ እድሪስ ዓዋተ) ናብ ሽፍትነት ዓለም ካብ ዝምለስ ሓሙሽተ ውግኣት ተኻይዱ። 15 ካብቶም ሽፋቱ ድሮ ቀቲልናን ማሪኽናን ኣሎና።”

በቲ ሓይሊ ፖሊስ ኣብ ፈለማ ምውላዕ ዕጥቃዊ ቃልሲ ዘካየዶ ዳህሳስን ወፍሪታትን፡ ነቶም ውሑዳት ተጋደልቲ ከጥፍእዎም ብዘይምኽኣሎም ዝተሰናበዱ ሰበስልጣን ኢትዮጵያ፡ ነቲ ባይቶ ኤርትራ ኣቐዲሙ ዘውጽኦ፡ ፖሊስ ንዝኾነ ብጸጥታዊ ጉዳያት ዝጠርጠሮ ሰብ ብቐጥታ ክኣስር ዘፍቅድ ኣዋጅ ቁጽሪ 1/55 ንምትግባር፡ ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ባርካ እናተንቀሳቐሱ ኣኼባታት ናይ ህዝቢ ከካይዱ ተራእዩ። ኣብ ሚያዝያ 1962 ኣዛዚ ፖሊስ ኣውራጃ ባርካ ሜጀር ጎትይኦም ገብረዝጊ ኣብ ሃይኮታ፡ ባረንቱን ኬሩን ካልእ ቦታታትን ኣብ ዘካየዶ ሓሙሽተ ኣኼባታት ከምዚ በለ፦

“መብዛሕትኹም ናይዞም ሽፋቱ ምድንጋር ትኣምንዎ ኣለኹም። ብዙሕ ግዜ ናይ ሽፋቱ ምንቅስቓስ እናፈለጥኩም ንፖሊስ ኣይሓበርኩምን። ኩሉኹም ከም እትፈልጥዎ ፓርላማ ኤርትራ ዘጽደቐ ንጸጥታዊ ጉዳይ ዝምልከት ኣዋጅ ቁ 1/55 ኣሎ። ብመሰረት እዚ ኣዋጅ'ዚ፡ ፖሊስ ንዝኾነ ብጸጥታዊ ጉዳይ ዚጥርጠር ሰብ ክኣስሮ ስልጣን ኣለዎ። ኣብዚ ዝሓለፈ ሸሞንተ ኣዋርሕ፡ እዚ ኣዋጅ'ዚ ኣብ ስድራቤት ናይቶም ሽፋቱ ጥራይ እዩ ኣብ ግብሪ ክውዕል ጸኒሑ። ካብ ሕጂ ንደሓር ግን ዝኾነ ሰብ ብዛዕባ ምንቅስቓስ ሽፋቱ ሓበሬታ ምስ ዝሓብእ ወይ ሓገዝ ምስ ዝገብረሎም ብመሰረት እዚ ኣዋጅ'ዚ ስጉምቲ ክውሰደሉ ምዃኑ ክትፈልጡ አጠንቅቐኩም ኣለኹ። ብተወሳኺ፡ መንግስቲ ንኣሽቱ ዓዲታት ኣብተን ዓበይቲ ዓዲታት ክጥርንፈን ወሲኑ ኣሎ። ካብ ሕጂ ንደሓር ጸጥታዊ ርግኣት ክሳብ ዝረጋጋጽ ብመሰረት ኣዋጅ ቁ.1/55 ክንሰርሕ ኢና።”